ፍረ ሰማእታት መባእታዊ ሆስፒታል ሓዉዜን ን 2013 በጀት ዓመት ንፍረ ሰማእታት መባእታዊ ሆስፒታል ስራሕ መካየዲ ግልጋሎት ዝዉዕል ብናይ ኤሌክትሮኒክስ ንግዲ ዘርፊ ዝተሰማረኩም ዱቡሊኬተ (DX 2430) ካብ ዝምልኮቶም መቅረብቲ ሕጋዉያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ክሰርሕን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 12, 2013 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 27, 2013 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ሓዉዜን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 27, 2013 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ተጫረቲ ናይ እትወዳደርሉ ዘርፊ ናይ 2012ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድኩምን መቕረባይትን ካርዲ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ካርዲ ወይ ቲን ናምበር ቁፅሪ ብተወሳኪ ድማ ናይ ቫት ተመዝገብቲ መረዳእታ ኮፒ ከተታሓሕዙ ግድን እዩ

3 ኣብ ጨረታ ሰነድ ናይ ተጫረቲ ንፁር ዝኮነ ሽም ፣ ፌርማ ፣ ኣድራሻ ፣ ሕጋዊ ማህተም ኣብ ሕድሕድ ገፅ ሰነድ ጨረታ ክግበሮ አለዎ

4 ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን ካብዚ ሰነድ ጨረታ ኣብ ካሊእ ሰነድ መሊእካ ምቅራብ ተቀባልነት የብሉን ቫት ተመዝገብቲ ዝኮንኩም ኣብ ሕድሕድ ማተርያል ቫት ዋጋ ሓዊሱ ዝመልእ

5 ናይ ቫት ተመዝገብቲ ካብ3ተ ወርሒ ዘይርሕቅ 2013 ዲክለር ዝገበርሉ መረዳእታ

6 መኽበሪ ጨረታ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባኪ ዝተረጋገፀ ሌተርኦፍ ክረዲት ከትሕዙ ይግባእ

7 ጨረታ ሰነድ ካብ ፍረ ሰማእታት መባእታዊ ሆስፒታል ሓዉዜን ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ሓዉዜን ዘይምለስ ብር 50 ጥራሕ እናከፈሉ እቲ ሰነድ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 12/02/2013ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 27/02/2013ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅ/ቀትሪ ክወስዱ ይኽእሉ

8 እቲ ጨረታ ዕለት 27/02/2013ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኮልቶም ኣብ ዝተረከብሉ እዋን ይክፈት

9 ሰዓርቲ ኣብ ዉሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓታት ዉዕሊ ኣሲሮም ናይ ዘሸነፍዎ ጠቅ/ድምር 10 ሚኢታዊ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ፣ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መአዘዚ ክፍሊት ቼክ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንኪ ብስፒኦ ወይ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሌተርኦፍ ክሬዲት ከትሕዙ ይግባእ

10 ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ጨረታ ብሙለእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 09 01 29 04 41/03 46 67 07 47

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle